ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ

الجبهة الديمقراطية الثورية الارترية

ERITREAN REVOLUTIONARY DEMOCRATIC FRONT

## ቅዋም ዘይገዝአ፡ ምሕዝነት ይኹን ኩናት፡ ኣሉታዊ ሳዕቤናቱ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኤርትራ።

ኲነታት ህዝብታት ኤርትራ፡ ካብ ሓደ ከቢድ ፈተና ናብ ካልእ እናተሰጋገረ፡ ኣብ ተኣፋፊ ደረጃ ወዲቑ ይርከብ። ናይ ህዝባዊ ቃልስና ቀንዲ ጸላኢ ድማ፡ ርእሰ ፋሽስት ኢሳያስን ጉጅልኡን ምዃኖም፡ ብተደጋጋሚ፡ ብብዙሓትን ጭቡጣትን መርተዖታት ክነረጋግጾ ጸኒሕና ኢና። ካብ ጽባሕ ሓርነት ጀሚሩ ክሳብ ሎሚ፡ ንልዕሊ 28 ዓመታት ዝኣክል፡ ህዝብን ሃገርን ከም ውልቀ ጥሪቱ ብዘይ ሃገራዊ ቅዋምን ህዝባዊ ምርጫን ዝገዝእ ዘሎ ዕሉል ውልቀ መላኺ እናሃለወ፡ ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት፡ ኣጻብዕትና ናብ ካልእ እነወጣውጠሉ ተኣምር የልቦን። ይኹን'ምበር፡ እዚ ስርዓት'ዚ ንጉጅላዊ ረብሓኡ ዝመሓዘዎም ሓይልታትን፡ ባዕሉ ዝፈጥሮም ጸላእትን፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኤርትራ ተወሳኺ ኣደራዕ እናኾኑ ምምጻኦም ግን፡ ካብ ማንም ዝተኸወለ ኣይኮነን። ንኣብነት ምስ'ቶም ብመሬት ይኹን ብባሕሪ ዝዳወቡና መንግስታት፡ ኣብ ዘበነ ስልጣኑ ዝኣጎዶ ሓዊ፡ ብዓይኒ ጽልኢ ተጠሚትና ዝሓለፍናዮ ናይ ጽምዋን ተነጽሎን ዓመታት ኣይንርሰዖን። በዚ ምኽንያት ኣብ ከቢድ ፖሎቲካዊ ዓፈና፣ ዓሚቕ ቁጠባዊ ድኽነትን ማሕበራዊ ምምዝባልን ዝወደቕናሎም ዓመታት ኢና ጸኒሕናን ዘሎናን። ምስ'ቶም ኣብ ዓለምና ዝርከቡ ርእሰ-ሓያላን ዝኣተዎ ጎንጺ ድማ፡ ምስሊ ሃገርና ኣብ ዲፕሎማስያዊ መዳይ ተዓይኑ፡ ብነዊሕን መሪርን ናጽነታዊ ተጋድሎና፡ ህዝብታትና ዝተጓናጸፉዎ ክብርን ተሰማዕነትን  ተደዊኑ ይርከብ።

በቲ ካልእ ብጸቢብን ጉጅላውን ረብሕኡ ዝተመሓዘዎም ጎረባብትናን ናይ ዞባና ሃገራትን፡ ካልእ መልክዑ ዝቐየረ ኣደራዕ፡ ንሎሚ ይኹን ንመጻኢ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታትናን ልኣላውነትናን ከንጸላሉ ንርእዮ ኣሎና። ኣብ ማእከላይ ምብራቕ፡ ፈለማ ምስ መንግስቲ ኢራን ተማሓዝዩ፡ ኣብ ጉዳይ ሃገረ የመን ኢዱ ብምእታዉ፡ ህዝብን ፖሎቲካዊ ሓይልታትን የመን፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እናማዕበሉዎ ዝመጹ ጽልኢ ከይኣክል፡ ጎባልል መንግስታት ኣዕራብ'ውን ኣስናኖም ነኺሶምልና ምንባሮም እንዝንግዖ ኣይኮነን። ምስ መንግስቲ ኢራን ዝነበሮ ዝምድና ብሃንደበት ራሕሪሑ፡ ኣብ ጎድኒ'ቲ ብስዑዲ ዝምራሕ ወታሃደራዊ ጥምረት ሃገራት ኣዕራብ ብምስላፍ፡ ንገማግም ባሕርናን ወደብና ዓሰብን ንክራይ ኣሕሊፉ ብምሃብ፡ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ የመን ታሪኽ ይቕሬ ዘይብሎ ወንጀል ይፍጽም ኣሎ። እቲ ካብ'ዘን ሃገራት ዝግሕጦ ዘሎ፡ ዝጸባጸቦ ዘይብሉ ገንዘብ ድማ፡ ዕምሪ ባሓቲ ፖሎቲካዊ ስልጣኑ ንምንዋሕ የውዕሎ ምህላዉ ንዕዘብ ኣሎና።

ኩሎም'ዞም ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮም፡ ከቢድ ዕንወት ዘውረዱልና ዘይቅኑዓት ኣከያይዳታት፡ ብውልቀ ውሳኔ ርእሰ ፋሽስት ኢሳያስ ዝተፈጸሙ ምዃኖም ናይ ኣደባባይ ምስጢር እዩ። "ብሃገራዊ ባይቶ" ቁጽጽር ዝግበረሎም፡ "ካቢኔ ምኒስትራት" ዝፈልጦም፡ ኣይኮኑን። ምኽንያቱ ኤርትራ ብሃገራዊ ቅዋም ዘይትማሓደር፡ ኣብ ኢድ ሓደ ገባርን ሓዳግን ርእሰ-ፋሽስት ገዛኢ፡ ወዲቓ ዘላ ብምዃና እያ።

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮም፡ ቅድሚ ሎሚ'ውን ብተደጋጋሚ ዝተዛረብናሎም ብምዃኖም፡ ናብ ዝርዝር ምእታው ኣድላይነቱ ኣይረኣየናን። ኣብ ክሊ'ዚ ኣርእስቲ'ዚ፡ ልዑል ቱኽረት ሂብና ክንፍትሾ መሪጽና ዘሎና፡ ሓድሽ ዕርክነት ርእሰ-ፋሽስት ኢሳያስን መራሒ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዶር/ ኣብይ ኣሕመድን፡ ኣሉታዊ ሳዕቤኑ ኣብ ልዕሊ ናጽነትን ልዑላውነትን ሃገርና  ክኸውን እዩ።

ኣብ ሓምለ 2018 ዓ.ም. ናይ'ዞም ክልተ ላዕለዎት ሓለፍቲ፡ ክልቲኦን ልዑላውያን ሃገራት ኤርትራን ኢትዮጵያን ርክብ፡ ኣብ ቤተ መንግስቲ ኣስመራ ዝተኸታተለ ኩሉ ደላይ ሰላም፡ ዝተፈላለየ ስምዒት ከምዘሕደረ ናይ ቀረባ ተዘክሮና እዩ። ብሓደ ወገን፡ ናይ ክልተ ዓመት ደማዊ ኲናትን ናይ ልዕሊ 16 ዓመታት ኣይ-ሰላም ኣይ-ኲናት ኲነታት ሰጊሮም፡ ኢድ ንኢድ ተጨባቢጦም፡ ጎድኒ ንጎድኒ ኮፍ ኢሎም ምርኣይ፡ ኣብ ህዝብታትና ዝፈጠሮ ፍስሃን ተስፉ-ሰላምን መዘና ኣይነበሮን ክባሃል ይከኣል። ምኽንያቱ፡ ህዝብታትና ኣብ'ተን ዝሓለፋ 20 ዓመታት፡ ዝወረዶም ማሕበረ ቁጠባዊ ዕንወት፣ ምምዝባልን ፖሎቲካዊ ዓፈናን መወዳድርቲ ስለዘይነበሮ እዩ፤ ስለዚ ድማ፡ እዚ ሰላማዊ ስምምዕ'ዚ፡ ካብ'ዚ ንልዕሊ ክልተ ዓሰርተ ዓመታት ዝወሰደ ኩሉ መዳያዊ ኣደራዕ፡ ንሓንሳብን ንሓዋሩን ክንገላገል ዘብቅዓና ብሩኽ ዘበን መጺኡልና ካብ ዝብል ስምዒት ዝብገስ እዩ ዝነበረ። እቲ ኣብ ማእከል ኣስመራ ዝተራእየ ሰላማውን ሕውነታውን ኣቀባብላ ድማ፡ ናይ መላእ ህዝብታት ኤርትራ ሓቀኛ ውሽጣዊ ስምዒት ነጸብራቕ ምንባሩ ካብ ማንም ዝተኸወለ ኣይኮነን።

ኩላትና ከምዝተኸታተልናዮ፡ ኣብ ጽባሕ ኣዋጅ ፈጻሚት ኢህወደግ፡ ኣብ ማዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ 20 ሰነ 2018 ዓ.ም. ርእሰ ፋሽስት ኢሳያስ ዘማሓላለፉ መልእኽቲ፡ ፈላሚት ናይ'ቲ ዝተጠጀአ ሽርሒ ምልክት ምንባራ ዝፍለጥ እዩ። እቲ ን16 ዓመታት ኣይ-ሰላም ኣይ-ኲናት ኲነታት ዝፈጠረ፡ መርገጺ ኢህወደግ ብሓደ ወገን፡ ኣብያ ዘተ ርእሰ ፋሽስት ኢሳያስ ድማ፡ በቲ ካልእ ወገን፡ ብመሰረቱ ዝተቐየረ፡ ብቀጻሊ ዘተ ኣባላት ውድባት ኢህወደግን ድርኺት ህዝብታት ኢትዮጵያን ብሓፈሻ፡ ድርኺት ህዝቢ ትግራይ ድማ ብፍላይ ምንባሩ

ዘይካሓድ እዩ። ኣብ መጨረሻ ድማ፡ መሪሕነት ህወሓት ዝተሳተፈሉ፡ ፈጻሚት ኢህወደግ ብዘመሓላለፎ ውሳኔ መሰረት፡ "ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ብዘይ ቅድመ ኩነት ክትግበር ድሉዋት ምህላዎም" ኣረጋገጹ፤ እዚ ውሳኔ'ዚ ናይ መራሒ መንግስቲ ኢትዮጵያ ናይ በይኑ ውሳኔ ፈጺሙ ኣይነበረን። እቲ ክዉን ሓቂ እዚ እናሃለወ፡ ርእሰ ፋሽስት ኢሳያስ፡ ኣብ መደርኡ፡ ንመግለጺ ፈጻሚት ኢህወደግ ምቕባሉ ኣረጋጊጹ፡ "ወያነ - Game-Over (ጸወታ ተወዲኡ) ብምባል ገሊጹ። እዚ መደረ'ዚ፡ ብርእዮ ንኣባላት ውድባት ኢህወደግ ፈላሊኻ ናይ ምህራም ኣጀንዳ ሒዙ ከምዝመጸ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ በዚ ኣንፈት'ዚ ኣብ ውሽጣዊ ኩነታት ኢትዮጵያ፡ ኢዱ ብምእታው ክሕምስ ተዳልዩ ምህላዉ ዘመልክት ነበረ። በዚ ኣንፈት'ዚ ዝጀመረ መስርሕ፡ ከቢድ ሓደጋታት ዝሓቖፈ ምዃኑ ንምግንዛብ ድማ፡ ዘጸግም ኣይነበረን።

ኣብ'ቲ ኣብ ቀዳማይ ሰሙን ሓምለ 2018 ዓ.ም. ኣብ ቤተ መንግስቲ ኣስመራ ዝተኻየደ እንግዶትን መዛዘሚ ርክብን፡ ብመራሒ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝተማሓላለፉ መልእኽታት ድማ፡ ነቲ ቀንዲ ናይ ኲናት መንቀሊ እዩ ተባሂሉ ብዘይምቁራጽ ዝተመደረሉ ጉዳይ ዶብ ንጎድኒ ኅሲኻ፡ ናብ ካልኦት ሕቡኣት ኣጀንዳታት ናይ ምስጋር ድሌት ምህላዉ ዘመልክት ነይሩ። ካብ'ቶም ብመራሒ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝተንጸባረቑ መደረታት ከም ኣብነት ንምዝኽኻር፡

1. "ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ኣርቲፊሻል እዩ፤ ናይ ጽልኢ መንደቕ ብናይ ፍቕሪ ድልድል ክንሰግሮ ኢና።"

2. "ኣነን ኢሳያስን ተደሚርና ማለት፡ ዓሰብ ንካፈል ማለት እዩ፤"

3. "ካብ ሎሚ ንደሓር ናይ ኤርትራ ወጻኢ ጉዳይ ምኒስቴር ኮይነ ከገልግል እንከሎኹ፡ ንስልጣን ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ዝተዳፋእኩ መሲሉ ከይስማዓኩም፤ ብፕረዚደንት ኢሳያስ ተወኪለ እየ" . . . . . . . ብምባል ዝገለጾም እዮም።

ድሕሪ'ቲ ብመሪር ናይ ክልተ ዓመታት ደማዊ ኲናትን ናይ ልዕሊ 16 ዓመታት ኣይ-ሰላም ኣይኲናትን ተቖሪጹ ዝነበረ ዝምድና ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ኣብ ሓንቲ ናይ ርክብ ዕለት፡ ከም'ዚ ዝኣመሰለ መግለጽን ወኻዕኻዕን ክንጸባረቕ ምዕዛብ፡ እንታይ ካብ ህዝብታትና ዝተኸወለ፡ እናተመድመደ ዝመጸ ስራሓት ነይሩ እዩ፤ ወይ ድማ፡ እንታይ ዝተሓንጸጹ ሽርሕታት ሃልዮም እዮም፡ ዝብሉ ሕቶታት ክተልዕል ዝገብር ምንባሩ ዝሕባእ ኣይኮነን።

ህዝብታት ኤርትራ፡ ኣብ ጽባሕ ናይ ሰላም ስምምዕ፡ ብህጹጽ ክትግበር ዝተጸበዩዎ፡ እቲ ን16 ዓመታት ተንጠልጢሉ ዝጸንሐ ውሳኔ ኮምሽን ዶብ እዩ። እንተኾነ ግን፡ "ኣደይን ኣቦይን ነንበይኖም ጸሎቶም" ምዃኑ፡ ብተግባር እናተዓዘብናዮ ዝመጻና እዩ። ካብ ጽባሕ ስምምዕ ሰላም ጀሚሩ፡ ዕላማ ወፍሪ ርእሰ-ፋሽስት ኢሳያስን ጉጅልኡን፡ ካብ ትጽቢት ህዝብታትና ወጻኢ ኮነ፤ ን16 ዓመታት ሙሉእ፡ "**<u>ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ኣብ ባይታ ከይተመልከተ፡ ዘተ ዝባሃል ዘይሕሰብ እዩ</u>**" ብምባል ህዝብታትና ከቢድ ኲሉ-መዳያዊ ኣደራዕ ክጸወሩ ዘገደዶም ፖሊሲ፡ ሰበ-ሰልጣናት እቲ ፋሽስታዊ ስርዓት፡ ዕሽሽ ኢሎም ሰጊሮሞ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ **<u>"ቀዳማይ ዕማምና፡ ውሽጣዊ ምርግጋእ ኢትዮጵያ ምርግጋጽ እዩ</u>**" እናበሉ፡ ጉዳይ ምምልካት ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ከናኣእሱዎ ተኸታቲልናዮም ኢና። ርእሰ ፋሽስት ኢሳያስ ድማ፡ ኣብ እንግዶት ሃዋሳ፡ ንመራሒ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ "**<u>ንስኻ ክትመርሓና ሓላፍነት ሂበካ ኣሎኹ" ንቓል ዓለም ዝዛረቦ ዘሎኹ ኣይኮነን፤ ንስኻ ምርሓና፤ ንዓኻ ሓላፍነት ሂበካ ኣሎኹ</u>**" ክብሎ ኲሉ ተኸታቲሉዎ እዩ። ኣብ ኣዲስ-ኣበባ ሚለንዩም ኣዳራሽ ድማ፡ ነቲ ኣብ ሜዳ እናሃለወ ይኹን፡ ኣብ እዋን ኲናት ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዘንጸባርቖ ዝነበረ ምሒር ብደዐን ንዕቀትን ረሲዑ፡ "**<u>ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ኢትዮጵያን ሓደ እዮም፤ ክልተ ህዝቢ እዮም ዝብል እንተሃልዩ፡ ታሪኽ ዘይፈልጥ እዩ</u>**" ብምባል፡ ኣፍ-ልቡ ብምሒር ታሕጓስ እናጠፍጠፈ ክምድር ኲሉ ተኸታቲሉዎ እዩ። "እዛ ብርኩታ እምኒ ኣላታ" ኣቢሉና እዩ።

እዚ ኹሉ ወጃዕጃዕን ፍቕሪ ብፍቕሪ ኮይንካ ሓቢርካ ምውናስን እናተራእየ ግን፡ ርክብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ክሳብ ቀዳማይ ሰሙን ወርሒ መስከረም 2018፡ ብስልክን ብመጓዓዝያ ነፋሪትን'ምበር፡ ነቲ ዝበዝሐ ማእከላይን ድኻን ህዝቢ፡ እሞ ኸኣ ብብዙሕ ማሕበራዊ ገመዳት ዝተኣሳሰረ ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ትግራይን ዓፋርን፡ ብመጓዓዝያ ምድሪ ዝራኸበሉ ዕድል ከይተራሕወሉ እዩ ጸኒሑ። እዚ ድማ፡ ዝተሓብአ ዕላማ ከምዝነበሮ መን ይዝንግዖ። እንተኾነ ግን፡ ድርኺት ህዝቢ እናሓየለ ምስ ከደን፡ መመሳመሲ ምስ ሰኣነን፡ ካብ 11 መስከረም 2018 ጀሚሩ ኣርባዕተ ኣፍደገታት ዶብ፡ ጠረብ ጠረብ እናበላ ክኽፈታ ተራእየን።

ርእሰ ፋሽስት ኢሳያስ፡ እቲ ምስ ኢትዮጵያ ናብ ኲናት ኣእትዩና ኢሉ ደጋጊሙ ዘእወየሉን፡ ዓሰርተታት ኣሽሓት መንእሰያትና ዝሃለቑሉ፡ ንብረትን ጥሪትን ህዝብና ዝበረሰሉ፡ ብኣማኢት ኣሽሓት ዝተመዛበሉሉ ጉዳይ ዶብ ግን፡ ከም ዋጋ ዘይብሉ ጨርቂ ደርብዩ፡ ብዛዕባ ናይ 300 ሚልዮን ህዝብታት ዞባ ቀርኒ-ኣፍሪቃ፡ ቁጠባዊ ውህደት ክምድር ሰሚዕናዮ። በቲ ካልእ ድማ፡ መራሒ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ብዛዕባ ኣፈጻጽማ ውሳኔ ኮምሽን ዶብ፡ ተዛሪቦሙሉ ከምዘይፈልጡ ደጋጊሙ ክምድር ተኸታቲልናዮ ኢና። ኢሳያስ ምስ ጉጅልኡ ድማ፡ ናብ ጎንደር፣ ባህርዳርን ማእከል ኢትዮጵያን እናተመላለሰ፡ ምስ ሓይልታት ትምክሕትን ላዕለዎት ኣካላት መንግስትን እናተራኸበ፡ ነቲ "**Game-Over ( ጸወታ-ኣብቂዑ**)" ዝበሎ ወያነን፡ ሕብረተሰባዊ መሰረቱ ዝኾነ ህዝቢ ትግራይን ንምድሃኽ፡ ሽርሕታት ክኣልም ላዕልን ታሕትን ክብል ተዓዚብናዮ።

በቲ ካልእ ድማ፡ መራሒ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ቀይሕ-ባሕሪ፡ ሓይሊ ባሕሪ ናይ ምህናጽ መደባት ሒዙ ከተግብር፡ ከምኡ'ውን ኣብ ስዊዘርላንድ ዳጎስ ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ መራሕቲ፡ ምስ ቀዳማይ ምኒስቴር ጣልያን ተራኺቡ፡ ብዛዕባ'ቲ ካብ ምጽዋዕ ናብ ኣዲስ ኣበባ ዝዝርጋሕ መስመር ባቡር፡ ጉዳይ ህንጸቱ ብዝምልከት ተዘራሪቡ ስምምዕ ከምዝተፈራረመ ካብ ዜናዊ ማዕከናት ተኸታቲልናዮ ኢና። እዚ ፍጻመ'ዚ ኣብ ህዝብታትናን ፖሎቲካዊ ሓይልታትን ኤርትራ፡ ሕራነን ነድርን ዘዛየደ፣ ብዙሕ ዘዛረበን ዝተዋዓወዐን ኣርእስቲ ምንባሩ ኣይንዝንግዮን። እዚ ቅዋም ኣልቦ፡ ብህዝቢ ዘይተመረጸ ርእሰ ፋሽስት ኢሳያስ፡ ብኢደ ወነኑ፡ ኣብ ቃልዕ መድረኽ፡ "መራሒና ክትከውን ሓላፍነት ሂበካ ኣሎኹ" ስለዝበሎ፡ ንኤርትራ'ውን ወኪሉ ክዝትን  ክፈራረምን ክትርኢ እንክሎኻ፡ ብሓቂ ዘጸንጹ እዩ፤ ይኹን'ምበር፡ ቀንዲ መኸተናን ቱኽሪት ቃልስናን፡ ኣንጻር'ቲ ነዚ ሓደጋ'ዚ ባብ  ዘርሓወ ርእሰ ፋሽስት ኢሳያስ፡ ብቐንዱ ዘነጻጸረ ክኸውን ይግባእ።

ርእሰ-ፋሽስት ኢሳያስ፡ ምስ ዶር/ ኣብይ ናይ ሰላም ስምምዕ ክፈራረምን፡ ብተደጋጋሚ ናብ ምዕራብን ማእከልን ኢትዮጵያ መገሻታት ከካይድን እንከሎ፡ ኣብ'ታ ሃገር ጸቢብ ፖሎቲካውን ቁጠባውን ሒሳባቱ ንምምላእ ምንባሩ ዘይስሓት እዩ። ነዚ ውጥን'ዚ ንምትግባር ድማ፡ ምስ'ቶም ዝለዓሉ ናይ ፌደራል ሰበ-ስልጣናትን ዝተፈላለዩ ሓይልታት ትምክሕትን ኢትዮጵያ፡ ምስጢራዊ ዘተታት ብምክያድ፡ ናይ ዕዮ መቐላ ገይሩ ክዋፈር የገድሶ ስለዝነበረ እዩ። እንተኾነ ግን፡ እቶም ዝተወጠኑ ሸርሕታት፡ ውጽኢታዊ ኣይኮኑሉን። ብኣንጻሩ እኳ ደኣ፡ እዚ ውዲት'ዚ ብዋጋ ናጽነትን ልዑላውነትን ሃገርና ዝተኣልመ ብምንባሩ፡ ንርእሰ ፋሽስት ኢሳያስ፡ በቶም ኣብ ዲያስፖራ ዝቐመጡ ኣካላት ህዝብታትና  ብሓፈሻ፡ ብኣባላት ህግደፍ ድማ ብፍላይ፡ ዘይገመቶ ሓያል ተቓውሞ ብሰፊሑ ከጋጥሞ ተራእየ።  ብናይ ህዝቢ ሰፊሕ ናይ ይኣክል ምንቅስቓስ፡ ፖሎቲካዊ ስልጣኑ ብውሽጥን ብደገን ክሕቆን ጀመረ።

እቲ ካብ ሃገሩ ናብ ኢትዮጵያ ብሓፈሻ፡ ናብ ትግራይ ድማ ብፍላይ፡ ናይ ምስጋር ዕድል ዝረኸበ ህዝብና ድማ፡ በቲ ዝረኣዮ ማሕበረ ቁጠባዊ ምዕባለ ኣዝዩ ክግረምን፡ ሃገሩ ወሪዱዋ ዘሎ ከቢድ ማሕበረ ቁጠባዊ ዕንወት፡ ኣብ ቅድሚ ዓይኑ ኮለል ኢሉ ተራእዮ። ስለዝኾነ ድማ፡ ብምኽንያት ዶብ ዝኸፈሎ ከቢድ ዋጋ፡ ንብላሽ ምንባሩ ክግንዘብን፡ ዳግም ኣብ ጎድኒ ኢሳያስ ኮይኑ፡ ካልእ ዋጋ ዝኸፍለሉ ኩነታት ክፍጠር ከምዘይብሉ፡ ብውሽጡ ቃል ኣተወ። ብዝተፈላለዩ መንገድታት ድማ፡ ተቓውሞታቱ ክቕጽል ይረአ ኣሎ።

እዚ ኣብ ህዝብታት ኤርትራ(ኣብ ውሽጢ ሃገር ይኹን ኣብ ዲያስፖራ ዝርከብ) ዝማዕበለ ርኡይ ናይ ኣረኣእያ ለውጢ፡  ናይ ርእሰ ፋሽስት ኢሳያስ ናይ ርሑቕ ሕልሚ ዘበርዕን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ነታ ዝርካባ ኣብ ዓዲ ሃሎ ተቐርቂሩ ዝገዝኣ ኤርትራ፡ ተስእኖ ምኻና ክግንዘብ ኣየጸገሞን። ስለዚ ድማ፡ ካብ ዘንጸላለዎ ውድቀት ንምድሓን ኩሉ ዝከኣሎ ምርብራብ ናብ ምክያድ ኣተወ።

ሓደ ካብ'ቶም ንድሕንነት ፖሎቲካዊ ስልጣኑ፡ ከተግብሮ ዝጀመረ ዕማም ድማ፡ ነተን ተኸፊተን ዝነበራ ኣፍደገታት ዶብ፡ ብሃንደበት ተራ ብተራ ምዕጻው ኮነ። ስለዚ ድማ፡ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብዘይካ ብነፋሪት፡ ሕጋዊ ርክብ ዝካየደሉ ናይ ምድሪ መጓዓዝያ ተሎኲቱ ኣሎ። እዚ ብርእሰ-ፋሽስት ኢሳያስ ዝተፈጸመ ኣፍ-ደገታት ዶብ ብሃንደበት ናይ ምዕጻው ስጉምቲ፡ ኣብ ህዝብታትና ዓብይ ሻቕሎት ፈጢሩ። ብተመሳሳሊ ንህዝብታት ኢትዮጵያ ብሓፈሻ፡ ነቲ ኣብ ጎሮቤትና ዝርከብ ህዝቢ ትግራይ ድማ ብፍላይ፡ ወደቓ ኮይኑዎ ተሻቒሉ እዩ። ናይ'ዚ ሃንደበታዊ ስጉምቲ'ዚ ምኽንያት፡ ንምፍላጥ ዝተኻየዱ ጻዕርታት ክሳብ ሎሚ ዝተዓወቱ ኣይኮኑን። ንፌደራል መንግስቲ ኢትዮጵያ ብተደጋጋሚ ተሓቲቱ፡ ብዛዕባ'ዚ ንህዝቡ ሓበሬታ ክህብ ፍቓደኛ ከይኮነ ሓሊፉ እዩ። እኳ ደኣስ፡ ነቲ ብሃንደበታዊ ምዕጻው ኣፍ-ደገ ሰርሓ ዛላንበሳ፡ ዝተፈጠረ ሻቕሎት ህዝቢ ንምልስላስ ዝመስል፡ ኣብ ጽባሕ ምዕጻው'ቲ ኣፍ-ደገ፡ ከባቢ 40 ዝኾኑ ሓካይም ኢትዮጵያ፡ ናብ ኤርትራ ሕክምናዊ ሓገዝ ክህቡ ከምዝተላኣኹ ኣብ ሚድያ ተኸታተልና። ድሕሪኡ ድማ፡ ምስ ጉምሩኽ፣ ናይ ንግዲ ምልውዋጥ፣ ናይ ባጤራን ካልኦት ጉዳያትን ንምውሳን፡ ኮሚቴ ቀይሙ ይዛተ ምህላዉ ክግለጽ'ኳ እንተተሰምዐ፡ ብሸነኽ ርእሰ ፋሽስት ኢሳያስን ጉጅልኡን ግን፡ "ንሕና ምስ ፌደራል መንግስቲ ኢትዮጵያ ጸገም የብልናን፤ ወያነ ግን መሬትና ከረክበና ድሉው ስለዘይኮነ፡ ኩናት ምጅማሩ ኣይተርፍን እዩ፤ ስለዚ ተዳለዉ" ብምባል፡ ኣብ ህዝብን ሰራዊትን ኤርትራ ወፍሪ ከካይዱ ጸኒሖም እዮም። ግን ከኣ ህዝብን ሰራዊትን ኤርትራ ሓቀኛ መንነቶም ስለዘለለየ፡ ኣቓልቦ ኣይሃቦምን። ይኹን'ምበር ኣይደቀሱን ዘለዉ።

ብሓጺሩ ንምግላጽ ዝከኣል፡ እቲ ብሓምለ 2018 ዓ.ም. ክልቲኦም መራሕቲ ሃገራት፡ ኣብ ሞንጎኦም ናይ ሰላም ስምምዕ ተፈራሪሞም ተባሂሉ፡ ብዙሕ ዳንኬራ ዝተደሰቐሉ፡ ኣብ ሃገራት ኣዕራብ ከይዶም ኒሻን ዝተሸለሙሉ ናይ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኩነታት፡ ናበይ ገጹ ከምዘምርሕ ንምግንዛብ ኣጸጋሚ ኣብ ዝኾነሉ ኩነታት ከም ዝርከብ ካብ ማንም ዝተመስጠረ ኣይኮነን። በቲ ካልእ ወገን ድማ፡  መራሒ መንግስቲ ኢትዮጵያ ናብ ኣስመራ ብጽሖ ከካይድን ዑደታት ክገብርን እናተኸታተልና ጸኒሕና ኣሎና። እዚ ኣብ ሞንጎ'ዞም ክልተ መራሕቲ ሃገራት ዝካየድ ርክብ ይኹን ኩነታት ዝምድንኦም፡ ንህዝብታት ክልቲኡ ሃገራት ሕንቅል-ሕንቅሊተይ ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ።

እቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ክዉን ሓቂ እዚ እናሃለወ፡ ብ09 ጥቅምቲ 2019 ዓ.ም. ኣብ ምረቓ ሓድነት ፓርክ ኢትዮጵያ፡ ሸውዓተ ናይ ምብራቕ ኣፍሪቃ ፕረዚደንታትን ወከልትን ኣብ ዝተረኸቡሉ ዕለት፡ ዶር/ ኣብይ ኣሕመድ፡ መራሒ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ንኹሉ ዘገረመን፡ ንቑስሊ ህዝብታት ኤርትራን ፖሎቲካዊ ሓይልታቱን መሊሱ በሻዕሻዕ ዘበለ መደረ ኣስሚዑ።

ኣብ መመረቕታ ባዓል፡ ኩሎም መራሕቲ፡ ቃል ኣስሚዖም እዮም። ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ ቀዳማይ ምኒስቴር ኢትዮጵያ ዘስመዖ መደረ፡ "<u>ሓው ፕረዚደንት ኢሳያስ፡ ክንደኦም ኮይነ ቃል ክህብ ወኪሎምኒ ስለዘለዉ፡ ናይ ክልቴና ብሓደ ጠሚረ ከቕርቦ እየ፤ ዝምድና ኢትዮጵያን ኤርትራን ናብ ደረጃ ምውኻኻል በጺሑ ስለዘሎ እንቋዕ ደስ በለና</u>" ብምባል እዩ መደርኡ ጀሚሩ።

እዚ መደረ'ዚ፡ ነቶም ዕዱማት መራሕቲ ክገርሞምን ክደንጽዎምን ዝገብር፡ ዘይንቡር መደረ ምዃኑ ማንም ዝስሕቶ ኣይኮነን። ኢሳያስ ኣብ'ዚ መመረቕታ'ዚ፡ ወከልቱ ክሳተፉ እንተደልዩ፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ጥራሕ ክልተ ኣምባሳደራት ኣለዉዎ። ንሳቶም ድማ፡ 1. ኣቶ ሰመረ ርእሶም ኣምባሳደር ኢሳያስ ኣብ ኢትዮጵያ፡ 2. ኣምባሳደር ኣርኣያ ደስታ ወኪል ኢሳያስ ኣብ ሕብረት ኣፍሪቃ ኣለዉ። ሓዲኦም ንርእሰ ፋሽስት ኢሳያስ ወኪሎም መልእኽቶም ከማሓላልፉ ይኽእሉ ነይሮም። እንተኾነ ግን ኣይተሳተፉን። ስለዚ መራሒ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ንርእሰ ፋሽስት ኢሳያስ ወኪሉ ሓጺር መደረ ኣስሚዑ ማለት እዩ።

ብርግጽ ኤርትራ ብናይ 20 ዓመታት ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ፣ ብናይ 30 ዓመታት ነዊሕን መሪርን ደማዊ ኲናት ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ሓራ ዝወጸት እያ፤ ድሕሪ ክልተ ዓመት ድማ፡ ብመንገዲ ሪፈረንደም፡ ብ99.8% እወ ንናጽነት፡ ኣብ ቅድሚ ማሕበረ ሰብ ዓለምን መንግስታትን ልዑላዊት ሃገር ምዃና ዘረጋገጸት ሃገር እያ። ክሳብ ሎሚ'ውን ከም ናጻን ልዑላዊትን ሃገር ኣፍልጦ ረኺባ፡ ባንዴራኣ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ኣፍሪቃ ሕብረትን ውድብ ሕቡራት መንግስታትን የንበልብል ኣሎ። ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት'ውን ቤት-ጽሕፈት ኤምባሲ ከፊታ ባንዴራኣ ሰቒላ ምህላዋ ናይ ኣደባባይ ምስጢር እዩ። እቲ ሓቂ እዚ እናሃለወ፡ ናይ ጎረቤት ልዑላዊት ሃገር መራሒ፡ ንናጻን ልዑላዊትን ኤርትራ ወኪሉ፡ መደረ ክስምዕ ኣይግባእን። እዚ ኣብ ልዕሊ ናጽነትን ልዑላውነትን ሃገርና ድፍረት ከም ዘመልክት ዝተሓብአ ምስጢር ኣይኮነን። ግን ከኣ፡ ንምንታይ ከምኡ ኮይኑ ኢልና እንተሓቲትና፡ ቀንዲ ጸገምና ኣብ ውሽጥና እዩ ዘሎ። እቲ ዕዳ ናብ ካልእ ምድርባይ ዘዋጽኣና ኣይኮነን።

ከም ሓቂ ኤርትራ፡ ናጻን ልዑላዊትን ሃገር ካብ ትኸውን ልዕሊ 26 ዓመታት ኣሕሊፋ ኣላ። ግን ከኣ፡ ክሳብ ሎሚ ብሃገራዊ ቅዋም ዘይትመሓደር፡ ሓደ ዕሉል ርእሰ-ፋሽስት ውልቀ-ሰብ ምስ ጉጅልኡ፡ ብዘይ ምርጫ ህዝባ ክትግዛእ ጸኒሓ ኣላ፤ ብዘይ ውሳኔን መምርሕን ሃገራዊ ባይቶን ካቢኔ ምኒስትራን፡ ወሰን ኢሉ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ኲናት እናሮኮዐ፡ መንእሰይ ሓይላን ሃብታን ከብርስ ጸኒሑን ኣሎን። ኣብ'ዞም ዝሓለፍናዮም 27 ዓመታት ድማ፡ ናብ ኣደባባይ ወጺኡ፡ ዓው ኢሉ ብድፍረት ዓገብ ዝበለ ኣብዝሓ ህዝቢ ኣይነበረን። ብናይ ርእሰ-ፋሽስት ኢሳያስን ጉጅልኡን ናይ ሓሶትን ፈጠራን ፕሮፖጋንዳን ተዓብሊሉ፡ ኣብ ዝተኣጎዶሉ እቶን፡ ነብሱን፣ ደቁን፣ ንብረቱን ጥሪቱን ክዓኑ ጸኒሑ እዩ። እዚ ርእሰ ፋሽስት'ዚ ድማ፡ ሃገርን ህዝብን ኤርትራ፡ ከም ውልቀ ጥሪቱ ቆጺሩ፡ ኣብ ዝደለዮ እዋን፡ ዝመረጾ ስጉምቲ ክወስድ ከምዝኽእል ብውሽጡ ክተኣማመን ኣብቂዑዎ እዩ። ብርግጽ፡ ውዒሉ ሓዲሩ ክሰግራ ዘይክእል ቀያሕ መስመር ከምዘላ ግን ዝዘንገዐ ይመስል። ስለዝኾነ'ውን፡ ሕሉፍ ሓሊፉ ህዝብታትና ዝኸፈሉዎ ከቢድ ዋጋ ዕሸስ ኢሉ፡ ጉዳይ ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ራሕሪሑ፡ ንቀዳማይ ምኒስቴር ኢትዮጵያ ዶር/ ኣብይ ኣሕመድ፡ ኣብ ማእከል ወከልቲ ህዝቢ ደቡብ ኢትዮጵያ፡ ብተሌቭዥን ድማ ዝተዘርግሐ፡ "<u>ብዘይ ቃል-ዓለም ንስኻ ክትመርሓና ሓላፍነት ሂበካ ኣሎኹ</u>" ኢሉዎ እዩ። ዶር/ ኣብይ ድማ፡ ኣብ ገጹ ፍሽኽታ እናርኣየ፡ ድንን ኢሉ ብምስጋና ተቐቢሉዎ እዩ። ብዘይ ሃገራዊ ቅዋም፡ ህዝቢ ከይመረጾ፡ ንህዝብታትና ሰጥ ለበጥ ኣቢሉ ክገዝእ ዝጸንሐ ኢሳያስ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታትና ዘማዕበሎ ንዕቀትን ብደዐን ሰማይ ዓሪጉ፡ ንክብሪ፣ ናጽነትን ልዑላውነትን ሃገርና ኣሕሊፉ ክህብ፡ ዓቐብ ኮይኑ ኣይተሰመዖን።

እዚ መደረ'ዚ፡ ኣብ ህዝብታትና ዝወልዖ ተቓውሞ ሰማይ ዓሪጉ ምህላዉ ካብ ማንም ዝተሰወረ ኣይኮነን። ርእሰ ፋሽስት ኢሳያስ ግን፡ ብተቓውሞ ህዝብታትና ተደናጊጹ፡ ርእሱ ከድንን ኮይኑ'ምበር፡ ብዕሊ ኣብ መድረኽ ወጺኡ፡ ነቲ ንናጽነትን ልዑላውነትን ሃገርና ዘራኸሰ መደርኡ፡ ንህዝብታት ኤርትራ ፈጺሙ ይቕሬታ ኣይሓተተን ዘሎ። እኳ ደኣስ፡ ምስ መራሒ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝጀመሮ ሽርሕን ዝኣተዎ ቃልን ከምዘይዓጸፈ፡ ብተግባር ካብ መደረ ዶር/ ኣብይ ኣሕመድ ሰሚዕናዮ ኣሎና። በዚ መንጽር ክንርእዮ እንከሎና፡ ዶር/ ኣብይ ኣሕመድ፡ ገና ነቲ ተሓቢኡ ዘሎ ናጽነትን ልዑላውነት ሃገርና ኣሕሊፍካ ናይ ምሃብ ሕቡእ ምስጢር ኢሳያስ ብምቕልዑ፡ ንልዑላውነት ናጽነትን ሃገርና፡ ካብ ሽርሒታት ኢሳያስን መሓዙቱን ንምሕላውን ንምዕቃብን ዝጀመርናዮ ምዑት ቃልስን ሰፊሕ ናይ ይኣክል ምንቅስቓስን፡ ብዝሓየለ ኣጠናኺርና ክንቅጽል፡ ናይ ተጠንቀቕ ደወል ስለዘስማዓና "ክነመስግኖ" ይህልወና።

ብርግጽ ኤርትራ ሃገርና ናጻን ልዑላዊትን ስለዝኾነት፡ ብደቃ'ምበር ብካልኦት መራሕቲ ሃገራት ክትውከል ብፍጹም ኣይግባኣን። እዚ ፈጺምና ዘይንሰግሮ ሓቂ እዩ። ካልኦት መራሕቲ ሃገራት፡ ንሃገርና ወኪሎም ክምድሩ ዝደፍሩ ንምንታይ እዩ ዝብል፡ ብቐንዱ ክንምልሶ ዘሎና እዩ። ናይ'ዚ ኩሉ ወንጀልን ድፍረትን ቀንዲ ተሓታቲ ኣብ ውሻጠና ተኾዲጩ ይርከብ። ንሱ ድማ ደጋጊምና እናበልናዮ ከምዝመጻና፡ ብዘይ ሃገራዊ ቅዋም፡ ህዝብታትና ከይመረጹዎ፡ ብኢደ ወነኑ ፖለቲካዊ ስልጣን ሃገር ዓትዒቱ ሒዙ፡ ንልዕሊ 28 ዓመታት ክገዝኣና ዝጸንሐን ዘሎን፡ ርእሰ ፋሽስት ኢሳያስን ጉጅልኡን እዮም። እዚ ዕሉል ኣምባገነን ውልቀ ሰብን ጉጅልኡን፡ ኣብ ስልጣን ክሳብ ዝቐጽሉ፡ ሂወት፣ ንብረት፣ ገንዘብን ጥሪትን ሃብትን ህዝብታትናን ሃገርናን ከበርስ እዩ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ እታ ዋጋ ሰማእታትናን ኣካለ ስንኩላትናን ዝኾነት፡ ናጻን ልዑላዊትን ሃገርና፡ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ከውርዳ ሰጋእ ከምዘይብል፡ እናረኣናዮም ንመጽእ ዘሎና ምልክታት እኹላት ምስክራት እዮም።

ከምንፈልጦ፡ ዶር/ ኣብይ ኣሕመድ፡ ብመረጸ ተወከልቲ ህዝቢ ኢትዮጵያ ከም ቀዳማይ ምኒስቴር ዝተሾመ እዩ፤ እቲ ውክልና ሂቡኒ ዝብሎ ዘሎ ርእሰ-ፋሽስት ኢሳያስ ግን፡ ብዘይ ሃገራዊ ቅዋም፡ ህዝቢ ከይመረጾ ዝገዝእ ዘሎ ዕሉል መላኺ ምዃኑ እናተረደአ፡ ብህዝብታት ኤርትራን ፖሎቲካዊ ሓይልታቱን፡ ኣብ ዓብይ ትዕዝብቲ ዘውድቖ መደረ ምቕራቡ፡ ፈጺሙ ተቐባልነት ከምዘይብሉ፡ ድምጽኻ ምስማዕ ጉቡእ ኮይኑ፡ እንተኾነ ግን፡ "**ፈሊጡያ ዝደቀሰስ ነቕኒቕካዮ ኣይሰምዕን**" ዝብል ምስላ ኣበው ድማ፡ ምዝካር የድሊ።

መራሒ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ሓቀኛ ፖሎቲካዊ መንነት ኢሳያስ ጠፊኡዎ ዘይኮነስ፡ ምስ ናይ ባዕሉ ናይ ሓጺር ይኹን ነዊሕ ፖሎቲካዊ ሒሳባት ኣተኣሳሲሩ ዝኸተሎ ዘሎ ኣንፈት ምዃኑ ዘየጠራጥር እዩ፤ ስለዝኾነ ድማ፡ ንህዝብታት ኤርትራን ፖሎቲካዊ ሓይልታቱን ዝጸረር መግለጺታት ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ተግባራዊ ስጉምታት ካብ ምውሳድ ከም ዘይዕቀብ ምግማት የድሊ። ነዚ ኣፍ-ደገ'ዚ ብቐንዱ ከፊቱሉ ዘሎ ድማ፡ ርእሰ-ፋሽስት ኢሳያስ ጥራሕ እዩ። ስለዚ ድማ "**ካብ ኩልል ምውዓል፡ ክሳድ ምሓዝ**" ይብሉ ለባማት ወለድና። ኣብ'ዞም ዝሓለፉ ልዕሊ 28 ዓመታት፡ ብዘይ ቅዋም፡ ናይ ህዝብታትና ፖሎቲካዊ፣ ቁጠባውን ማሕበራውን ረብሓታት ክደሃኹ ዝጸንሑ፡ ብሰንኪ'ዚ ጨካን ርእሰ-ፋሽስት ውልቀ ሰብን ጉጅልኡን እዮም። ናይ ሰላምን ድሕንነትን ኩነታት ህዝብታትና ተናጊው፡ ዞርሞ ዞርሞ ናብ ስደት ፋሕፋሕ ከብሉ ጸኒሖምን ኣሎዉን። ሕሉፍ ሓሊፉ ድማ፡ ብዋጋ ናጽነትናን ልዑላውነትናን ክቋመር ይረአ ኣሎ። እዚ ድማ፡ እቲ ዝላዓለ ጫፍ ናይ'ቲ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታትና ኣንጸላልዩ ዘሎ ሓደጋ እዩ። **ስለዝኾነ'ውን ሃገራዊ ቅዋም ዘይገዝኦ ምሕዝነት ይኹን ኲናት፡ ኣሉታዊ ሳዕቤኑ ኣዝዩ ከቢድ ምዃኑ፡ ካብ ናይ ልዕሊ 28 ዓመታት ተሞኩሮና ሕርሕራይ ጌርና ተማሂርናሉ ኢና።** ንርእሰ ፋሽስት ኢሳያስን ጉጅልኡን፡ ተወሳኺ ዕድል እንተሂብናዮም ድማ፡ ንዝኸፍአ ጥፍኣት ከቃልዑና ምዃኖም፡ ዓሚቕን ሰፊሕን ምርምር ኣየድልየናን። ስለዝኾነ'ውን ቀንዲ ቱኽሪትና ነዚ ፋሽስታዊ ጉጅለ'ዚ ንምውጋድ፡ ዓቕምታትና ኣወሃሂድና ክንቃለስ ይህልወና።

ምልጋስ ናይ'ዚ ጨካን ጉጅለ'ዚ ድማ፡ ንኹሎም'ቶም ካብ ከባቢ ይኹን ካብ ዞባናን ዓለምናን ዘንጸላልዉና ዘለዉ ሓደጋታት፡ ብመሰረት ሃገራዊ ቅዋም፡ ነባሪ መፍትሒ ክነቐምጠሎም ከምንኽእል ዘጠራጥር ኣይኮነን። እንፈጥሮም ምሕዝነታት ድማ፡ ኣብ ሓባራዊ ጥቕምታትን ምክብባርን ዝተመስረቱ፡ ዘላቕነት ዘለዎም ብምግባር፡ መጻኢና ብሩህ ክኸውን እዩ። ሰደግኤ ከም ውድብ ይኹን ኣብ ክሊ ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር(ኤሃግ) ተጠርኒፉ፡ ምስ ኩሎም ደለይቲ ዲሞክራስያዊ ለውጢ፡ ፖሎቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ዓቕምታቱ ኣወሃሂዱ፡ ነዞም ዘንጸላልዉና ዘለዉ ሓደጋታት ንምምካት፡ ከም ወትሩ ድሉው እዩ፡፡

**ቤት-ጽሕፈት ዜናን ባህልን፡**
**ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)**
**ወርሒ ሕዳር 2019 ዓ.ም.**